Vestfold
FYLKESKOMMUNE

# ስምምዕ ክራይ ላፕቶፕ ፔስ/ታብለት ንምክራይ እተገብረ ውዕል፡ ከምኡውን ንምምሃር ዚሕግዝ፣ ምልቃሕ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን፡ ክራይ ኣብ መንጎ ዞባ ቬስትፎልድን (ቁጽሪ ትካል 929 882 385)

## ከምኡውን ተማሃራይን

## {ስም ተማሃራይ} - {ዕለት ልደት ተማሃራይ}

# 1. ሓፈሻዊ

### 1.1. ክልቲኦም ወገናት

እዚ ስምምዕ ኣብ መንጎ ዞባ ቬስትፎልድ(ዞባዊ ምምሕዳር) ተማሃራይን ንኸራይ ኮምፒዩተር ላፕቶብ/ታብሌትን ከምኡውን ንምምሃር ዚሕግዝ፣ ምልቃሕ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን፥ ዝተገብረ ውዕል ኢዩ።

እቲ ተመሃራይ ትሕቲ ዕድመ እንተድኣ ኾይኑ፡ እቲ ውዕል ምስ ኣለይቱ/ስድርኡ ይካየድ፡ ማለት ናይቲ ኮምፕተር ተኻረይቲን ተለቃሕትን ሓላፍነት ኣለዎም።

ንትሕዝቶ እዚ ሰነድ እዚ ኸም ዘንበብክዎ ነቲ ናይ ተማሃራይ ላፕቶፕ/ታብለት(ኮምፕተር ተባሂሉ ዝጽዋዕ):ከምኡውን ምዕራፍ 2. ንምምሃር ዚሕግዝ፣ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን፥ ንምጥቃምን ብግቡእ ምሓዝን፡ ምዕራፍ 3. ምፍራምን ፋክቱርን፡ ምዕራፍ 4. ዝሕግዝ ናይ ዞባዊ ምምሕዳር መምርሒታትን ከም እተቐበልኩ ብፊርማይ የረጋግጽ ኣለኹ።

ኣብ መንጎ ዞባዊ ምምሕዳርን ተማሃራይን ዘሎ ክራይ: ብውዕላት ናይዚ ስምምዕ ይምራሕ።

እዚ ስምምዕ´ዚ ኣብዚ በኤልክትርኒካዊ መንገዲ ማለት ብኢንተርነት ኣብዚ ጠዊቅካ ፈርም።
https://elevkontrakter.vestfoldfylke.no

### 1.2. መሰል ዋንነት/መሰል ኣጠቓቕማ

እቲ በዚ ውዕል እዚ እተሸፈነ መሳርሒታት/መምሃሪ ንብረት ናይቲ ዞባዊ ምምሕዳር ዋንነት እዩ። እቲ ተማሃራይ ነታ ኮምፕተር ኸሳዕ ዚዕደግን ብሕታዊ ዋኒን ከሳዕ ዚግብራን ጥራይ እዩ ናይ ምጥቃም መሰል ዚረክብ።

# 2. ክራይ ኮምፕዩተር ላፕቶፕ

### 2.1. እቲ ውዕል ዝሽፍኖ ናይ ኮምፕዩተር መሳርሒታትን ሶፍትዌርን

እዚ መደብ እዚ ላፕቶፕ ዚብሃል ኮምፕዩተር ፡ ምስ ናይ ባትሪ መምልኢ ቻርጀር ፡ ከምኡውን ካልእ ተወሳኺ መሳርሒታትን ዜጠቓለለ እዩ ። እታ ኮምፕዩተር እንተድኣ ተበላሽያ ወይ ጠፊኣ፡ እቲ ውዕል ናይ ልቓሕ ኮምፕዩተር ከምዘለዎ እዩ።

እዚ ዝስዕብ ናይ ሶፍትዌር ጉጅለታት ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ኣሰራርሓ ፕሮግራም ኮምፕዩተር ክጽዓን ይከኣል:

- *መመልከቲ ደገፍ ቤት ጽሕፈት* (Office365)
- እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ስልጠና ዚጥቀመሉ ኻልእ ሶፍትዌር እውን ኣሎ።

## 2.2. ኣጠቓቕማ ኮምፕዩተር ላፕቶፕ

እቲ ተማሃራይ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ዝስዕብ ክገብር ግዴታ ኣለዎ፡

• እቲ መሳርሒታት ከይበላሾን ከይስረቕን ብግቡእ ክትሕዞ ኣለካ። (ንኣብነት ኣብ እተሸጐረ ኸብሒ ቦርሳ ተቀምጠሉ ኣርማድዮ ይኸዘን፡ እታ ኮምፕተር ኣብ ቦርሳ ኣእቲኻ ትጎዓዝ። ዝናብ ክዘንብ ከሎ ከይበላሸዎ፡ ናይ ዝናብ መሸፈኒ ገርካ ትሸፍኖ ክትጐዓዝ ከሎኻ ድማ  ቦርሳ ትውሰድ)።
• ኮምፕዩተርካ ንኻልኦት ኣይተለቅሕ  ወይ ንበይና ገድፍካያ ኣይትኺድ።
• ጉዳኢ/ዘይሕጋዊ ወይ ካልእ ሶፍትዌር ኣብ ኮምፕይተር ከተውርድ ወይ ክትጽዕን  የብልካን።
• ብዘይ ፍሉይ ፍቓድ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ድሮ ኣብ ኮምፕዩተራት እተገጥመ ሶፍትዌር ኣይተቀይሮ/ኣይትቐድሓዮ
• ስሩዕ ደገፍ ናይ ምኽዛን ውሕስነት ከም ዚህሉ ኣረጋግጽ።
•  ምልክት (ዓይነት ስም፥ ቍጽሪ ፍርያምነት ወዘተ) ካብታ ኮምፕይተር ኣይተልግሶ።
•  ነታ ኮምፕተዩር ዝኾነ ዓይነት ምልክት ይኹን ወይ ዝጠብቅ ጽሑፍ ዘለዎ ኣይትግበር።

ኣብ ኮምፕዩተራት ቫይረስ/ዘበላሹ ፕሮግራም ከም ዘሎ እንተ ተጠራጢሩ፡ እቲ ተማሃራይ እንደገና ኮምፕዩተሩ ከም ብሓዲሽ ንምጽራይን ሶፍትወር ምትካልን ምስ ክኢላታት ኮምፕዩተር ኢተ ዝበሃሉ ክራኸብ ኣለዎ። ዘይልሙድ ኣጠቓቕማ ኮምፕዩተራት እንተ ተጠራጢሩ ወይ እንተ ተረኺቡ እቲ ኮምፕዩተራት ንኺምርመር ኪቐርብ ኣለዎ ። እቲ ተመሃራይ  መጺኡ እንተዘይ ኣረኪብዋ ነታ ኮምፕዩተር፡ እቲ ተጠቃሚ ተማሃራይ ንኽይጥቀመላ እታ  ኮምፕይተር  ትዕጾ።

*ዞባዊ ምምሕዳር ኣብ እዋን ፈተና ማለት መርመራ ጥራይ ኣብ ናይ ተማሃሮ ኮምፕይተራት ኢንተርነት ኔትወርክን ኣፕሊኬሽናትን ንምክትታል ወይ ንምቁጽጻር ሶፍትዌር ክጥቀም መሰል ኣለዎ። እቲ ዕላማ ምቅዳሕ ኣብ እዋን ፈተና ንምክልኻልን ኣብተን ናይ ተምሃሮ ኮምፕይተራት ብዛዕባ ዘይተፈቕደ ሶፍትዌር ንምሕባርን እዩ። እዚ መሰል ምክትታል ወይ ምቁጽጻር ኣብ ናይ ፈተና ግዜ ጥራይ ዝተሓጽረ ኮይኑ ፡ ካብዚ ወጻኢ ኣይምልከትን ኢዩ።*

*እዚ ኣጠቓቕማ እዚ በቲ ዞባዊ ምምሕዳር ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘውጽእዎ ሕግታት ኢዩ  ዝመሓደር።*

## 2.3. ኣገልግሎትን ውሕስነትን

*እቲ ተማሃራይ ኣድላዪ ምምሕያሽ  ናይታ ኮምፕይተር ንምእራም ጌጋታት ንምእራም ከምኡውን ኣገልግሎት ንምሃብ ናይ ሓበሬታ ተክኒከኛ ሰራሕተኛታት ናይ ምብጻሕ ግዴታ ኣለዎ ።*

*እቲ ተመሃራይ ባዕሉ ወይ ካልኦት ኣብ ኮምፕዩተራት ጣልቃ ኺኣትዉ እንተ ፈቒዱሎም እቲ ውሕስነት ኪስእን እዩ። እዚ ድማ ነቲ ተማሃራይ ካሕሳ ናይ ምኽፋል ግዴታ ከበግስ ይኽእል።*

*ኣድላዪ እንተ ኾይኑ እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ተመሃራይ ዜድልዮ ናውቲ ይህቦ ። እቲ ተማሃራይ ንጉዳያት ውሕስነት ብቐጻሊ ክሕብር ኣለዎ፣ እዚ ንዝኾነ ይኹን ብልሽት ኮምፕዩተር ምስ ዘጋጥም እውን ዝምልከት ኢዩ*

## 2.4. ምጥፋእን ብልሽትን

**ብልሽት**
ኵሉ ናይ *መሳርሒ* ትምህርቲ ምብልሻውን ምጥፋእን  ምስዘጋጥም ፡ እንተ ወሓደ ኣብ ውሽጢ 14 *መዓልቲ* ብቐልጡፍ ንቤት ትምህርቲ ክትሕብር ኣለካ ።

*እቲ ተመሃራይ ነቲ ዝወረደ ጉድኣት ባዕሉ ኼዐርዮ ኺፍትን የብሉን፡ ማለት ነቲ ወሪዱ ዘሎ ብልሽት ባዕሎም ቤት ትምህርቲ ክዕርይዎ ክሕብሮም ጥራይ ኢዩ ዘለዎ። እቶም ተቐባልነት ዘለዎም በዓል ሞያ ዘይኲኑስ፡ ብኻልኦት ጉጅለታት ዚገበርዎ ጽገና፡ ተቀባልነት የብሉን ካልእ ተወሳኺ ጉድኣት ኬስዕብ ይኽእል እዩ።*

ጉድኣት ማለት ብልሽት ናይ ኮምፒይተር እንተድኣ ኣጋጢሙ ድማ ነቲ ተማሃርያ ዝግብኦ ክፍሊት ክኽፈል ኣለዎ። እቲ ዝቖረጽ ገንዘብ ከከም መጠን እቲ ብልሽት ክፈላለ እዩ።

ብወገን ተምሃራይ ብሰንኪ ብግቡእ ዘይምሓዝን/ ሸለልትነት ምርኣይን ነቲ ዝመጽእ ክሳራ ወይ ዕንወት ምሉእ ብምሉእ ናብ ስድራ ተማሃራይ/ተማሃራይ ነቲ ክሳራ ይኽፈል። እታ ኮምፒይተር ብሰንኪ ሸለልትነትን ዘይምግዳስን እንተድኣ ጠፊኣ ወይ ተበላሺያ ፡ ወለዲ ናይቲ ተማሃራይ/ተማሃራይ ነቲ ጽገና ክሸፍኖ ወይ ብመሰረት ዞብዊ ምምሕዳር ዝምልከት ህሉው መምርሒታት ተረፍ ዋጋ ናይታ ኮምፒይተር ክኸፍል ኣለዎ።

ንኣብነት ሸለልትነት ክንብል ከለና እዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፤

- ብሰንኪ ሸለልትነት ዝኾነ ዝስተ ወይ ካልእ ፈሳሲ ኣብ ልዕሊ እታ ኮምፒይተር ክፈስስ ይኽአል
- ኣብ ዘይውሑስ ቦታታት ወዘተ ኮምፕዩተር ዘይምቕማጥ።(ንኣብነት ኣብ ጥቓ ሑጻ ፡ሓመድ ፡ማይ፡ ናይ መላገቢ ማለት መልሓሚ መሳርሒታት ወይ ጋራጅ ኾነ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ክጐድእ ዝኽእል ማሽናት)።
- እቲ ተማሃራይ ነታ ኮምፕዩተር ኣብ ዝኾነ ቦታ ሓዲግዋ ምስ ዝኸይድ ወይ ንመማህርቱ ረኣዩለይ ከይበለ ገድፍዋ እንተኸይዱ
- ኣብ እዋን መጓዓዝያ ነታ ኮምፒይተር ዘይግቡእ ኣተሓሕዛ ምስ ዝተሓዝ።
- ባዕልኻ ወይ ኻልኦት ብሰንኪ ሸለልትነት ኣብ ልዕሊ ኮምፕዩተርካ ኮፍ ምስ ዝብሉ፡ ኣብ ኮምፕዩተር ዝወረደ ጉድኣት ኣሎ።
- ንኣብነት ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ባይታ ወይ ኣብ ጫፍ ሕንጻጽ ወይ ኣብ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ኮምፕዩተር ምቕማጥ ክበላሾ ስለዝኽእል፡ ተቐባልነት የብሉን።
- ኣብ መንጎ ምጽሓፍን መርኣይን ሰሌዳ ናይታ ኮምፒይተር ዝተቐመጡ ነገራት፡ ከም ብሓባር ዝተኣሳሰሩ ወረቐት ከተቀምጥ የብልካን።

**ስርቂ**
ናይ ተማሃራይ ኮምፒይተር እንተድኣ ተሰሪቃ፡ እቲ ተማሃራይ ብቁልጡፍ ንፖሊስ ክሕብር ኣለዎ። ነቲ ቤት ትምህርቲ ድማ ቅዳሕ ናይ ስርቂ ጸብጻብ ንፖሊስ ከምዝሓበረ ዝግልጽ ወረቀት ክረክብ ኣለዎ።

ካብ ናይ ብሕቲ ወይ ህዝባዊ ቦታታት፡ ከም ኡውን ካብ ቤት ትምህርቲ፡ ኮምፒይተር ኣብ ዝስረቐሉ እዋን፡ እቲ ተማሃራይ ወይ ወለዲ ናይቲ ተማሃራይ ነቲ ክሳራ ናይ ምሽፋን ሓላፍነት ኣለዎም፡ ምናልባት ናይ ገዛእ ርእሶም ኢንሹራንስ ማለት ድሕንነት ብምጥቃም ክሽፍንዎ ይኽእሉ። ናይ ስርቂ ኢንሹራንስ ማለት ድሕንነት ክህልወካ ንመክር።

## 2.5. ነቲ መሳርሒታት ክትውንኖ ማለት ናትካ ክትገብሮ መሰል ኣለካ

### ሓፈሻዊ ብዛዕባ ከመይ ገርካ ናትካ ንብረት ትገብሮ

እቲ ተማሃራይ ነታ ኮምፕዩተር ክውንና እንተድኣ ኾይኑ፥ ናይ ሰለስተ ዓመት ክራይ ናይ ኮምፕዩተር ከፊሉ ትምህርቱ ዝወድአ ክኸውን ኣለዎ። ድሕርዚ እቲ ተማሃራይ ባዕሉ ነታ ኮምፕዩተር ምእንቲ ኽቈጻጸራ ኩሉ ይኽፈት። ፍቓድ ናይ ማይክሮሶፍት ዊንደውስ ዝበሃል ሶፍትወር ይረክብ፥ እዚ ማለት ግን ናይ ቤት ጽሕፈት (ማይክሮሶፍት ኦፊስ 365) ፍቓድ ኣይኰነን ዝርከብ። ኩሉ ኻልእ ናይ ትምህርቲ ሶፍትዌር ኪስረዝ እዩ።

እቲ ተማሃራይ ናይ ቤት ትምህርቲ ስርዓት ምስ ዝጥሕስ ነታ ኮምፒይተር ናብ ናይ ብሕቲ ዋንነት ንምስግጋር ዝወሃብ መምርሒታት እንተዘይተኸቲሉ፡ እቲ ዞኣዎ ምምሕዳር ብዘይ ተወሳኺ ምልክታ ኣብቲ ኮምፒይተር ዘሎ ትሕዝቶ ዳግማይ ናይ ምጽዓናን ምድምሳስን መሰል ኣለዎ። እዚ ድማ እቲ ተማሃራይ ዝዓቀቦ ዳታ፣ ፕሮግራማትን ቅጥዕታትን ክጠፍእ ይኽእል።

**ምቅይያር ተማሃራይ**
እቲ ተማሃራይ ናብ ወጻኢ ሃገር ክኸይድ እንተድኣኾይኑ፥ ነታ ኮምፕዩተር ምስኡ ክወስዳ ይኽእል ኢዩ። ልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ማለት ኣብ ትምህርቲ እንተዘይተረኺቡ፥ ንብሕታዊ ጥቕሚ ኢያ ትውዕል ዘላ፥ ስለዚ እቲ ተመሃራይ ድማ ነቲ ዝተረፈ ናይ ኮምፕዩተር ክራይ ገንዘብ ኪኸፍሎ ኣለዎ። ድሕርዚ እቲ ተማሃራይ ኣመሓዳሪ ማለት ባዕሉ ተቖጻጻሪ እታ ኮምፕዩተር ይኸውን፥ ከም ድላዩ ኸኣ ፕሮግራማት ኣብታ ኮምፕዩተር ክጽዕን ይኽእል ኢዩ። እቲ ተማሃራይ ነቲ ልውውጥ ምስ ወድአ ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተመልሰ፥ እታ ኮምፕዩተር ንቤት ትምህርቲ ዝኸውን ፕሮግራማት እንደገና ምእንቲ ኽትዳሎ ምስ ክኢላ ሓላፊ ኮምፕዩተር እቲ ቤት ትምህርቲ ኢ.ተ ዝበሃል ክትራኸብ ኣለካ።

**ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ምቕያር**
እቲ ተመሃራይ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣብ ዞባዊ ምምሕዳር ዚርከብ ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ እንተ ቐዩሩ፥ እቲ ተመሃራይ ነታ ኮምፕዩተር ምስኡ ናብቲ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ክወስዳ ኣለዎ።

እቲ ተማሃራይ ናብ ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ካልእ ኣውራጃ ዝርከብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ እንተድኣ ቐዪሩ፣ ብመሰረት እቲ ኣብ ሕጊ ትምህርቲ ዘሎ መሰል ነቲ ዝተረፈ ናይ ክራይ ገንዘብ ከፊሉ ናቱ ንብረት ይገብራ ወይ ነታ ኮምፕዩተር ንቤት ትምህርቲ ብምሃብ እቲ ምስ ምምሕዳር ዝተገብረ ውዕል ክራይ ክቋረጽ ኣለዎ። ብድሕርዚ እቲ ተመሃራይ ብዛዕባ እቲ ዚዓዩ ሕግታት ሓበሬታ ንምርካብ ምስቲ ኣብቲ ካልእ ኣውራጃ ዘሎ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ኺራኸብ ኣለዎ።

**ምቁራጽ ትምህርቲ ምስ ዘጋጥም**

እቲ ተማሃራይ ኣብቲ ውዕል እተፈረመሉ ቐውዒ ቕድሚ ዕለት 1 ጥቅምቲ እንተኣቃርጹ፣ እቲ ተማሃራይ ነታ ኮፒምፕዩተር ናይ ምውናን መሰል ስለ ዘይብሉ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ክምልሳ ኣለዎ። እቲ ተመሃራይ ድሕሪ ዕለት 1 ጥቅምቲ ኻብቲ ቤት ትምህርቲ እንተ ወጺኡ : እሞ ነታ ኮምፕዩተር ክውንና እንተ ደልዩ : እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ክራይ ከፊሉ ናቱ ክገብራ ይኽእል። እቲ ተመሃራይ ድሕሪ ዕለት 1ጥቅምቲ ትምህርቲ እንተኣቃሪጹ ግና፣ ነታ ኮምፕዩተር ክውንና እንተ ዘይደልዩ ፣ ነቲ ቤት ትምህርቲ ካብቲ ዚጅመረሉ ዓመት ክራይ ኮምፕዩተር ይኸፍል።

**ሓፈሻዊ ብቕዓታት መእተዊ ነጥቢ ዩኒቨርሲቲ ዝኣመሰለ ተወሳኺ ስልጠና ኣብ ካልኣይ ደርጃ ዝወሃብ ትምህርቲ**

እቲ ተማሃራይ ነቲ ኣብ ዞባዊ ምምሕዳር ተወሳኺ መጽናዕቲ/ስልጠና ድሕሪ ምርካቡ ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ዓመት ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ እተወሰደ ኮምፕዩተር ክጥቀመሉ ይኽእል ኢዩ።

እቲ ተማሃራይ ኮምፕዩተር እንተድኣ ዘይብሉ፣ ካብቲ ቤት ትምህርቲ ኮምፕዩተር ክወስድ ይኽእል ኢዩ፣ ግና ዓመታዊ ክራይ ኮምፕዩተር ይኸፍል። ትምህርቱ ምስ ወድአ ድማ ነታ ኮምፕዩተር ንቤት ትምህርቲ ክምለስ ኣለዎ ። እቲ ተመሃራይ ኮምፕዩተር ምእንቲ ክወሃብ ውዕል ክራይ ኮምፕዩተር ኪፍርም ኣለዎ።

# 3. ንምምሃር ዚሕግዝ፣ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን ምልቓሕ

እዚ ስምምዕ እዚ ንሙሉእ ናይ ትምህርቲ እዋን ናይ ምምሃር ንብረት፣ መጻሕፍትን ካልእ ንዋትን ዝምልከት እዩ።

ኩሉ እቲ ተማሃራይ ዝተለቅሖ ንብረት: ንብረት ናይቲ ቤት ትምህርቲ እዩ።

ትምህርቲ ምስ ወዳእካ: ስልጠና ምስ ወዳእካ ወይ ትምህርቲ ምስ ኣቋረጽካ ኩሉ እቲ ትምሃረሉ ንብረት ንትምህርቲ ኺምለስ ከም ዘለዎ ኣይትረስዕ ። ኣብቲ ቆጸራኻ ነቲ ዝተለቃሕካዮ ንብረት እንተዘይመሊሳካዮ:ናይ ትምህርቲ ናውቲ ኸም እተዓደገ ጌርካ እዩ ዚሕሰብ፡ መኽፈሊ ወረቐት ከኣ ናብቲ ተመሃራይ/ስድራ ይለኣኽ። በቲ ናይ ሓቂ ዋጋ ኺዕደግ እዩ።

ካልኦት መጻሕፍትን ንብረትን ኣብ ምሉእ ናይ ትምህርቲ ዓመት ብቐጻሊ ምስቲ ዝተሰማምዑሉ ኩነታትን ልማዳትን ተሰማሚዖም ይቐርቡ።

## 3.1 ኣጠቓቕማ እቲ ካብ ቤተ መጻሕፍቲ ቤት ትምህርቲ ዝተለቅሐ መሳርሒታት፥

ኩሉ ልቓሕ ንብረት ዝወሰደ ተማሃራይ፡ ኣብቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ዘሎ መዝገብ ብስም ተማሃራይ ክምዝገብ ኢዩ።

እቲ ተመሃራይ ከምዚ ዝስዕብ ክገብር ግዴታ ኣለዎ:

- ትምህርቲ ዚሃቦ መሳርሒታት ከይበላሾ ወይ ጕድኣት ምእንቲ ኸይቃልዕ ብግቡእ ክትሕዞ ኣለካ።
- ምልክት ዘይምጥቃም፡ ወይ ኣብ እተለቅሐ መጻሕፍቲ መዘኻኸሪታት ዘይምጽሓፍ።
- እቲ ኮድ/ጽሑፍ ኣብ ኮምፕዩተር ዘሎ ምልክት ገጻት ምእንቲ ኸይጠፍእ ወይ ብማይ ምእንቲ ኸይበላሾ፡ ከይረስሕ ምእንቲ ወይ ከኣ ካብ ንቡር ንላዕሊ ምእንቲ ከይበላሾን ኸይቅደድን ብሓላፍነት ምሓዝ።

## 3.2 ምጥፋእን ብልሽትን

እቲ ተመሃራይ ናይ ምምሃር መሳርሒታት እንተ ኣጥፊኡ፡ ጕድኣት እንተ ወሪድዎ ወይ እንተ ዓንዩ ምሉእ ብምሉእ እቲ ተማሃራይ ወይ ወለዲ/ኣለይቲ ናይቲ ተምሃራይ ክኽሕሱ ማለት ክኸፍሉ ምሉእ ሓላፍነት ኣለዎም።

ቅድሚ ናይ ካሕሳ ጠለብ ምቕራቡ ካብ ቤተ መጻሕፍቲ ቤት ትምህርቲ ክልተ ግዜ ነቲ ንብረት ክትመልሶ መዘኻኸሪታት ትሕተት። ንዝተመልሰ ንብረት መረጋገጺ ቅብሊት ክቕርብ ምኽኣል ናይቲ ተለቃሒ ሓላፍነት እዩ። መረጋገጺ ቅብሊት ማለት ከምዝመለስካዮ ዘረጋግጽ ወረቀት ብኣውቶማቲክ ብኢመይል ይለኣኽ። ኩነታት ልቓሕ፡ መዘኻኸሪታትን ፋክቱራትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ናትካ ፕሮፍይል ኣብ ቢብሊዮፊል ብምእታው እውን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ደረጃታት ዕንወትን ከሳራን ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ሊንክ ርአ፤
https://vestfoldfylke.sharepoint.com/sites/innsida-varorganisasjon/Innsidafellesdokumenter/30928348584efeabd391080ca553a984-Satser%20for%20erstatning%20av%20skadet%20eller%20mistet%20utl%C3%A5nsmateriale%20fra%20skolebibliotekstjenesten.pdf?web=1

# 4. ክፍሊትን ክታምን

ንትሕዝቶ እዚ ሰነድ እዚ ኸም ዘንበብክዎን ከምዝተረደኣንን የረጋግጽ ኣለኹ። ብምፍራመይ ነቲ ናይ ተማሃራይ ኮምፕዩተር ብግቡእ ከም ዝጥቀመሉን ከምዝሕዞን ከምኡውን ነቲ እተለቅሕክዎ ናይ ትምህርቲ መሳርሒታት ንምጥቃምን ንምስራሕን ዝሕግዝ መምርሒታትን ሕግን ናይቲ ዞባዊ ምምሕዳር እቕበሎ ኣለኹ።

**ክፍሊት ናይ ኮምፕዩተር**
ናይ ተማሃሮ ኮምፕዩተራት እቲ ተማሃራይ ንሰለስተ ዓመት ዝኸውን ዓመታዊ ክራይ ኮምፕዩተር ክኸፍል ኣለዎ። እቲ ተማሃራይ በቲ ናይቲ ዞባዊ ምምሕዳር ዘሎ ኤለክትሮኒካዊ ክፍሊት ኣቢሉ ኣብ ዓመት ሓንሳእ ኣቐዲሙ ኢዩ ዝኸፍል ።
https://elevkontrakter.vestfoldfylke.no
እቲ ውዕል ክራይ ኮምፕዩተር ዝተሓተ ኢዩ ኣብ ዓዓመት ድማ ምትዕርራይ ይግበረሉ እቲ ተማሃራይ ድማ ገንዘባዊ ሓገዝ ኻብ ሃገራዊ ማዕከን ገንዘባዊ ደገፍ ትምህርቲ ኖርወይ ናይ መሳርሒታት ደገፍ ይወሃብ።

**ናይ ምጥፋእን ዕንወትን ዝኽፈል ወረቐት ፋክቱራ**
ካብ ቤት ትምህርቲ ዝወሰድካዮ ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ መሳርሒታት ኣብ ዝተባህለካ እዋን እንተ ድኣ ዘይመልስካዮ ወይ ከምቲ ኣብቲ ውዕል ዘሎ ብስንኪ ሸለልትነት ምርኣይካ ብግቡእ ብዘይምቕራቡ፣ እቲ ተመሃራይ ዝኽፈል ወረቐት ኪቕበል እዩ።
እቲ ተመሃራይ እንተ ዘይከፈለ ብዛዕባ ምእካብ ዕዳ ብጽሑፍ መጠንቀቕታ ይወሃቦ። ዞባዊ ምምሕዳር ነቲ ክፍሊት ናይ ምእካብ ዕዳ ናብ ካልእ ዝምልከቶ ኣካል ኼመሓላልፍ ይኽእል እዩ።

ነቶም ትሕቲ 18ዓመት ዝዕድሚኦም ተማሃሮ እቲ ኸም ተኻራዪ መጠን ክታሙ ዘንበረ ወላዲ፣ ዝኽፈል ዘበለ ንዚቐርብ ዝኾነ ይኹን ሕቶ ሓላፍነት ዘለዎ ወላዲ ናይቲ ተማሃራይ እዩ።

**ምምሕዳር ዞባ ቜሽስትፎልድ**
**ቦታን ዕለትን፦ ከተማ ቶንስበርግ ነሓሰ 2025**

**ሊቭ ማሪት ሃንሰን**
**ዳይሬክተር**
**ትምህርትን ጥዕና ስኒን**

**ተመሃራይን መጉዚትን/ወላዲ**

| **ቦታን ዕለትን** | **ትሕቲ 18ዓመት ዝዕድሚኡ እንተኾይኑ ሓላፍነት ዘለዎ ወላዲ ይፍርም** |
|---|---|
| ስም ተማሃራይ (ብዓብዩ ፊደላት ጽሓፎ) | ስም ወላዲ (ብዓብይ ፍደላት ጽሓፎ) |
| ክታም ተማሃራይ | ክታም ወላዲ |